**ምምሕዳር ከተማ ስያትል ብዛዕባ ነዳዲ ጽዒና ከላ ዝተገንበጠት ባቡር ዝሃቦ መጠንቀቕታ፡**

**ትሕዝቶ ሓበሬታ፡** *ነዳዲ ወይ ካልእ ከሚካል ጽዒና እትጎዓዝ ባቡር እንተድኣ ተገልቢጣ ወይ እቲ ነዳድዲ/ከሚካል እንተዝዒጉ እቲ ነዳዲ ክባራዕ ስለዝኽእል ወይ ድማ እቲ ከሚካል ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ብዙሕ ሓደጋ ከምጽእ ይኽእል። ስለዚ ሰብ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ኣብ ሓደ-ሓደ ዞባታት ስያትል እቶም ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ካብ ገዝኦም ከይወጹ ወይ ድማ ካብ ከባቢኦም ብህጹጽ ክወጹ ትእዛዝ ከምሓላለፍ ከም ዝኽእል ኣቐዲምኩም ምፍላጥ የድሊ።*

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- *ስለ'ዚ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሓደጋ እንተድኣ ኣጋጢሙ ካብ ከባቢኹም ብህጹጽ ክትወጹ ወይ ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ክትጸንሑ በቶም ሓለፍቲ ትእዛዝ እንተድኣ ተዋሂቡ ነቲ ዝተዋህበ ትእዛዝ ከተኽብሩ ኣለኩም።*
- *ኣብ መንነ ስራሕ ናይ'ቶም ናይ ሓደጋ ሰራሕተኛታት ዘይምእታው።*
- *ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ክትጸንሑ እንተድኣ ተኣዚዙ ቤተሰብኩምን ዘለዋኹም ናይ ገዛ እንስሳትን ንገዛ ከም ዝኣትዉ ምግባር። መዓጹ፤ መሳኹትን እቶን ናይ ሙቐት ሓዊ(ፋየር ፐለይስ) መዕጸውን ምዕጻው፣ ኣብ ማዕጾን መሳኹትን ዝርከብ ንፋስ መእተዊ ቀዳዳት ጥሉል ሽጎማኖታት ምስጣሕ። ከምኡ'ውን ዝሑል ወይ ዉዑይ ኣየር ዘእቱ ዝኾነ ቀዳድ ከም ዝዕጾ ምግባር። ኣብ ከባቢኹም ብዝርከቡ ነገራት ተጠቒምኩም ንዝኾነ ኣየር ክእትዉ ዝኽእሉ ቀዳዳት ምዕጻውን ብዝተኻእለ መጠን ካብ'ቲ ቀዳድ ወይ ነቓዕ ዘለዎ ቦታ ምርሓቕ።*
- *ካብ ገዛኹም ክትወጹ እንተድኣ ተኣዚዙ ቀልጢፍኩም ምውጻእ። ካብ ገዛ ወጺእኩም እትጓዓዙሉ መንገዲ እንተድኣ ተሓቢሩ ነቲ ዝተዋህበ ሓበሬታ ወይ ናይ መንገዲ ምልክትታ ምኽታል።*
- *ብዝተኻእለ መጠን ካብ'ቲ ናይ ባቡር ሓደጋ ዘጋጠመሉ ቦታ ምርሓቕ።*
- *ብሬድዮ ዝወሃብ ህጹጽ ሓበሬታ ምክትታል።*
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ክንብብ ወይ ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

***ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ:***

http://dot111.info/

http://www.fra.dot.gov/Page/P0001